Pearson

# ናይ ብልሃት ኣእምሮ ፈተና እንታይ እዩ?



ስለምንታይ ናይ ብልሃት ኣእምሮ ፈተና ክትፍተን ኣለካ? ብመጀመርታ ናይ ብልሃት ኣእምሮ ፈተና ማለት እንታይ ማለት እዩ ንምንታይከ ይጠቅም ንዝብሉ ሕቶታት ክንምልስ ኢና።

ናይ ብልሃት ኣእምሮ ፈተና ሓደ ተማሃራይ ምስ መዘንኡ ማዕረ ኣሎዶ ወይስ ተፈልዩን ድሒሩን ንምፍላጥ ይሕግዝ። እዚ ፈተና ምስ ደረጃኻ ዝኸይድ ትምህርቲ ክንመርጽ የኽእለና። ናይ ቃንቃ ምልከትካ ምፍላጥ ውን ስለዝሕግዘና፡ ብዝተኻኣለካ መጠን ጽቡቕ ውኢት ከተምጽእ ጸዓር።

ዝተፈላለዩ ናይ ብልሃት ኣእምሮ ፈተና ኣለዉ። ክልተ ኣብነታት ናይ ኣእምሮ ምዝካርን ምቅልጣፍን ክእለታት ክኾኑ ከለዉ፡ ደረጃኻ ንምፍላጥ ይሕግዙና። ናይ ፈተና ኣፈጻጽማ ከምዚ ይመስል፡

እቲ ፈታኒ ቅድሚ ፈተና ምጅማሩ ኩሉ ክፍልታት ናይ ፈተና ክገልጸልካ እዩ። ኩሉ ክፍልታት ናይ ፈተና ክትምልሶ ኣለካ፡ ብዝተኻእለካ መጠን ከኣ እቲ ዝበለጸ መልሲ ሃብ። ናይ ፈተና ኣብነት ይስዕብ፡ ግድል ወይ ፓዝል ምግጣም፡ ንድፊ ወይ መቐረጺ ምስራዕ፡ ክፋላት ናይ ሓደ ዛንታ ብግቡእ ምዝካርን ምስራዕን። ነዚ ፈተና ንምስጋር ኣተክሮን ምስትውዓልን ከድልየካ እዩ። ገለ ክፋላት ናይዚ ፈተና መልሲ እንተ ስኢንካሉም ኣይትሸገር። እቲ ዝተዋህበካ ፈተና ህድእ ኢልካ ብግቡእ ተረዲእካ መልስ።

ኣብ እዋን ፈተና ምዝራብ ኣይፍቀድን እዩ። ተማሃሮ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጹ ከምኡ ውን ዝተፈላለየ ቃንቃታት ዝዛረቡ ሓደ ፈተና ይወሃቦም። ነዚ ፈተና ንምፍታን ምዝራብ ኣየድልይን እዩ። ክፋላት ናይ ፈተና ንምግላጽ ስእልታት ክንጥቀም ኢና፡ ኢድካ ብምጥቃም ክትምልስ ኢኻ። እቲ ተጻሒፉ ዘሎ ቃንቃ ዘይትዛረብ እንተኾንካ ወይ ዘይርደኣካ እንተኾይኑ ኣይትሸገር።

ኣብ ብልሃት ኣእምሮ ፈተና ተሳትፎኻ ወለንታዊ እዩ። እዚ ፈተና ክትፍተን እንተ ዘይደሊኻ ክትገድፎ ትኽእል ኢኻ። እንተ ተፈቲንካ ግን ዓቕምኻ ርኢና የድልዩ እዮም ንብሎም ሓገዛት ክወሃቡኻ እዮም። በዚ ምኽንያት ኢና እዚ ፈተና ክትፍተን ንዕድመካ ዘለና። ዝበለጸ ውጽኢት ከተመዝግብ ክትጽዕር ይግባእ።